ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራ

الحزب الديمقراطي الإرتري

Eritrean Democratic Party (EDP)

2011 08 27

ቅልዕቲ ደብዳቤ ካብ ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራ (ሰደኤ)

ናብ ሽማግለ ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ንደሞክራስያዊ ለውጢ፡

ዝኸበርኩም ኣሕዋት ሰላምታና ብምቕዳም፡ ኣብ ስርሓትኩም ኣሳልጦ ንምነ፡ ኣብ መጀመርያ ሰሙን ናይዚ ሒዝናዮ ዘሎና ወርሒ፡ ብምኽንያት ዕድሜኹም ምስ ወከልቲ ሰልፍና (ሰደኤ) ከም ዝተራኸብኩም ይዝከር፡ ከምቲ ስምምዕ'ውን፡ ነቲ ዘሎና ርእይቶ ብጽሑፍ ክነቕርበልኩም ነይሩ፡ እነሆ ኸኣ፡ ተበግሶ ዕድሜኹም ነመስግን፡ ኣኼባኹም ከኣ ንዓወት ህዝቢ ኤርትራ ዘቀላጥፍ ክኸውን ተስፋ ንገብር።

ህልው ፖለቲካዊ ኩነታት ኤርትራ

መንግስቲ ህግደፍ ንመሰልን ሓርነትን ዜጋታት ኤርትራ ረጊጹ፡ ንልኡላውነት ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ብሓፋሻ፡ ንሓደጋ ኣሳጢሑ፡ ናይ ደገ ተጻባእቲ ዝዕደምሉ ሃዋሁ ፈጢሩ ምህላዉ፡ ካብ ዝኾነ ጥዑይ ሕልና ዘውንን ዜጋ ዝስወር ሚስጢር ኣይኮነን።

እዚ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ዘይርጉእ ውሽጣዊ ኩነታት ዝፈጠሮ ኣሉታዊ ሳዕቤናት፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ከይተሓጽረ፡ ንዝተፋላለያ

ሃገራትን መንግስትን'ውን ብዝተፋላለየ ደረጃታት ኣብ ፖለቲካ ኤርትራ ከዋስኤን ከሎ፡ ኩል ግዜ ብዋጋ ሂወትን ንብረትን ልኡላውነትን ህዝቢ ኤርትራ ክኸፈል ምጽንሑ፡ ንኹሉ ርዱእ እመስለና።

ሰደኤ ነዚ ሓፈሻዊ ፖለቲካዊ ኩነታት ሃገርናን ምዕባሌታቱን ብዕትበት ክከታተሎ ከሎ፡ ንኹሎም ውሽጣውን ግዳማውን ተበግሶታት፡ ብመሰረት ኣንፈቶምን ዕላማታቶምን፡ ብደገፍ ወይ ብተቓውሞ መርገጺታቱ ከነጽር ጸኒሑ እዩ።

ብሓጺሩ ሰደኤ፡ ምስቶም ነባራት ፖለቲካውያን ተቓወምቲ ጉጅለታት ዝጸንሓ ፍልልያት ከይተሓጸረ፡ ኣብ ውሽጢ ኣባላት መሪሕነት ሰልፊ ከይተረፈ'ውን በብእዋኑ፡ ዘግሃዶ ፍልልያት ነይሩ እዩ። ሓደ ካብቲ ቀንድን መሰረታዊ ሕቶን ከኣ፡ ብጉዳይ መንግስቲ ኢትዮጵያ ብሓፈሻ፡ ህልው ግደ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ፖለቲካዊ ልኡላዊ ግዝኣት ኤርትራ ምንባሩ እንደገና ክንጠቕሶ ንደሊ።

ዝኸበርኩም ኣሕዋት!

ምስዛ ንልእከልኩም ዘሎና ደብዳበ ዝዛመድ ነጥብታትን፡ ገለ ካብቲ ኣብ ሳልሳይ ጉባኤ ሰደኤ ናይ 2008 ዝሓለፉ ፖለቲካዊ ውሳኔታት ክንጠቕሰልኩም ንደሊ።

## ሀ. ብዛዕባ ሃገራዊ ቅዋም ኤርትራ።

ሰደኤ ብልኡላውነት ቅዋም ኤርትራ ናይ 1997 ንኣምን፡ ንትግባሬኡ ከኣ ንቃለስ።

## ለ. ብዛዕባ ሃገራዊ ዋዕላ

ሃገራዊ ዋዕላ ብተበግሶ ኤርትራውያን፡ ንኹሉ ብዘሳትፍ፡ ኣብ ነጻ ኩነታት ክግበር፡ በዚ ኣገባብ ከኣ፡ ውጽኢት ዋዕላ ንረብሓ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ከውዕል ንኣምን።

## ሐ. ብዛዕባ ኣገባብ ቃልሲ

ሰደኤ ዝኸተሎ ኣገባብ ቃልሲ ሰላማውን፡ ሰላማውን ጥራሕ ምኳኑ።

## መ. ብዛዕባ ኪዳን

ሰደኤ ኣብ ፍሉይ ታሪኻዊ ኣጋጣሚ፡ ኣባል ኪዳን ክኸውን ኪኢሉ። ሳልሳይ ጉባኤ ንኹሉ ዝሓለፈ ጉዕዞ ገምጊሙ፡ ካብ ኣባልነት ኪዳን፡ ብኢደወነኡ ንኽስሕብ ወሲኑ።

## ሰ. ብዛዕባ መንግስቲ ኢትዮጵያ

ፖለቲካ ግደ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብዘን ዝሓለፋ 13 ዓመታት ኣብ ልዕሊ ጉዳይ ኤርትራ ብሓፈሻ ኣሉታዊ ምኻኑ፡ ንብይን ኮሚሽን ዶብ ናይ ሚያዝያ 2002 ብግብሪ ነጺጋ፡ ኣብ ልኡላዊ ግዝኣት ኤርትራ ሰፊራ ኣላ። ስለዚ ሰደኤ ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝኾነ ይኹን ዝምድና ይኹን ውዕላት ኣይትገብርን፡ ኣብ ኢትዮጵያ

ኣይትኣቱን።

ስለዚ ሰደኤ ብምኽንያት ዝኸተሎ ፖሊሲን ዘለዎ ፖለቲካዊ መርገጽን ኣብ ኣኼባኹም ክንሳተፍ ኣይኮነን።

ይኹን እምበር ኣብ ፖለቲካ ኩሉ ክቐየር ተኽእሎ ስለ ዘህሉ። ውሳኔታትኩም፡ ንእምነት ሰደኤ ዝሕግዝ ነቲ ዘሰከፎን፡ ዘጠራጥሮን ዝኣሊ ስጉምቲ ክተረጋግጹ እንተኪኢልኩም ነቲ ዝተፈጥረ ሓድሽ ፖለቲካዊ መድረኽ እንደገና ገምጊምና፡ ንህዝብን ሃገርን ኤርትራ ንምዕዋት፡ እጃምና ክነበርክት ድሉዋት ምኳና፡ በዚ ፍሉይ ኣጋጣሚ ክነረጋግጸልኩ ንፈቱ።

ዓወት ንህዝቢ ኤርትራ

ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራ